# ሕ ግ ን ዕ ላ ማ ን

ናይ ኤርትራ ኮማዊ ባህላዊ ሲቪካዊ ማእከል
ERITREAN COMMUNITY CALTURAL & CIVIC CENTER (E.C.C.C)

ኾሎራዶ ሕ.መ.ኣ።
COLORADO U.S.A

ECCC
10101 E Colfax Ave
Aurora, CO 80010
U.S.A

መ ቕ ድ ም

# ሕ ግ ን   ዕ ላ ማ ን - ናይ ኤርትራ ኮማዊ ባህላዊ ሲቪኻዊ ማእከል

እዚ ኮማውን ባህላውን ሲቪካዊ ማሕበር ናይ ኤርትራዊን፣ ንኤርትራውያን ተቐማጦ ግዝኣት ኾሎራዶ ንምግልጋል ዝቖመ እዩ። ኣብ ስደት ንነእብር ኤርትራውያን፣ ኹሉ ብድሆታት ናይ ማሕበራውን፣ ቑጠባውን፣ ባህላውን፣ ስነ-ኣእሙራውን ጽቕጠታት ብቐሊሉ ዝግመት ኽምዘይኾነ፣ ንምርድኡ እጸጋሚ ኣይኮነን። እዚ ሕልኽላኻት ብዘይ ውዳበን ምትሕግጋዝን ኽውጻእ ስለዘይከኣል፣ ኽምዚ ዝበለ ማሕበር ንኹሉ ኽፋል ማሕበረ-ኮምና ኽገልግል ዝኽእል ምምስራት ግዜ ዝጠልቦ ኣገዳስነት እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ተቐማጢ ኮሎራዶ ኣባል ብሙኻን ፣ ብናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዕላማ እዚ ማሕበር እዚ ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ፣ ዕዙዝ ተራ ንኽጻወት ናይ ኩልና ግዴታ እዩ። እዚ ሰነድ ደንብን ሕግን፣ ሕጋዊ ሰነድ ኮይኑ ንኹሉ ኣካይዳ እዚ ማሕበር የማእዝን።

እዚ ንምስርቶ ዘለና ኮማውን ባህላውን ሲቪካዊ ማሕበር ናይ ኤርትራዊን፣ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ሽማግለ ኣመሪካ እዩ ዝጥርነፍ፡ ከምኡ እውን ምስ ኣብ ኣመሪካ ዘለው ማሕበረ-ኾማት ጥብቂ ምትእስሳር ዘለዎ እዩ፡፡

<u>ራእይ ኤርትራዊ ኣመሪካዊ ማሕበረ-ኮም ኣብ ኾሎራዶ</u>

ናይ ኤርትራዊ ኣመሪካዊ ማሕበረ-ኮም ኣብ ኾሎራዶ ራእይ፡ ኣብ ኾሎራዶ ዝነብሩ ኤርትራውያን ምሉእ ተፎጥራውን ሰብኣውን ክእለቶም ተጠቒሞም ትምህርታውን ማሕበርውን ኤኮኖምያውን ሸቶታቶም ወቒዖም ናይ ሓደ ጽኑዕ ብዓል ምሉእ ጸጋ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ ኣባላት ኮይኖም ሓጎስን ፍቕርን ዝመልኦ ህይወት ክነብሩን ናብ ደቆም ክተሓላልፉን እዩ።

ማሕበረ ሰብ ኣብ ኾሎራዶ ባዕሉ ዝውንኖ ህንጻ ንምውናን ዕላማ ኣለዎ፡ ምስ ግዜ ብናይ ህዝቢ ኾሎራዶ ምትሕብባርን ወፈያን ህንጻ ንምውናን ከይተሓለለ ክሰርሕ እዩ፡፡

## <u>መ ው ጽ ኢ</u>


| | |
|---|---|
| ምዕራፍ 1፡ ኣባልነት | ገጽ |
| ዓንቀጽ 1 ፡- ቅጥዒ ምዝገባ ኣባል | 5 |
| ምዕራፍ 2 ፡- ግቡእ ኣባል | 5 |

**ምዕራፍ 3 ፡- መሰል ኣባል** 5
ዓንቀጽ 1፡- ከምረጽን ከመርጽን ዘሎ መሰል 5
ዓንቀጽ 2፡- ሓበሬት ናይ ምርካብ መሰል 5
ዓንቀጽ 3፡- ኣኼባ ናይ ምስታፍ መሰል 5
ዓንቀጽ 4፡- ዝተሓዝኤ መሰል ናይ ምርካብ 5
ዓንቀጽ 5፡- መሰል ሓድሽ ኣባል 5
ዓንቀጽ 6፡- ካብ ካልእ ማሕበረኮም ዝመጽእ ኣባል 5
ዓንቀጽ 7፡- ሓድሽ ኣባል ንኣባልነት ቦርድ 5

**ምዕራፍ 4 ፡-ምስራዝ ኣባልነት**
ሀ. ጠንቂ ምስራዝ ኣባልነትን መጠንቀቕታ 6
ለ. ብመጠንቀቕታ ምስ ዘይእረም 6
ሐ. ዝወጸ ኣባል ገንዘብ ኣይምለሰሉን 6

ምዕራፍ 5 ፡- ሰነድ ኣባል ኣብ ማሕበር፡ 6

**ምዕራፍ 6 ፡- ኣባልነት ቦርድ**
ዓንቀጽ 1.ቅድመ ኩነት ንኣባልነት ቦርድ 6
ዓንቀጽ 2፡- ኣቃውማ ቦርድ 7
ዓንቀጽ 3፡- ኣገባብ ዕዮ ቦርድ ሽማግለ። 7
ዓንቀጽ 4፡- ግቡኡ ዘይማለአ ኣባል ቦርድ 7
ዓንቀጽ 5፡- ተኸፊሉ ዝሰርሕ ዜጋ 7

**ምዕራፍ 7 ፡- ፈጻሚት ሽማግለ**
ዓንቀጽ 1፡- ቁጽሪ ፈጻሚት ሽማግለ 7
ዓንቀጽ 2 ፡- ተሓታትነት ፈጻሚ ሽማግለ 7
ዓንቀጽ 3፡- ምትካእ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ 8

**ምዕራፋ 8 ፡-ኣገባብ ምርጫ ፈጻሚት ሽ.**
ዓንቀጽ 1፡- ገደብ ጊዜ ምርጫ ፈጻሚት ሽ. 8
ዓንቀጽ 2፡- መስርሕ ምርጫ ፈጻሚት ሽ. 8
ዓንቀጽ 3፡- ምስናድ ምርጫ ኣባልነት ፈ.ቦ. ሽ 8
ዓንቀጽ 4፡- ኣብ መሪሕነት ባዶሽ ምስ ዝርከብ። 8
ዓንቀጽ 5፡- ምትካእ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ፡፡ 8

**ምዕራፍ 9 ፡ ኣኼባታትን ሽማግለ ቦርድ** **8**

ምዕራፍ 10፡ ስራሕን ሓላፍነትን ሽማግለ ቦ. 9

ምዕራፍ 11፡- መዋእል ሽማግለ ቦርድ 9

ምዕራፍ 12፡- ሓላፍነት ኣባላት ፈጻሚቲ ሽ. 9

ዓንቀጽ 1፡- ሓላፍነት ኣቦ መንበር 9
ዓንቀጽ 2፡- ሓላፍነት ዋና ጽሓፊ። 10
ዓንቀጽ 3፡- ሓላፍነት ትሓዝ ገንዘብ 10

**ምዕራፍ 13፡ ተቖጻጸርቲ ማሕበረኮም** 10
ዓንቀጽ 1፡- ኣቃውማ ተቋጻጸርቲ ማሕበር 10
ዓንቀጽ 2፡ መዝን ሓላፍነትን ተቖጻጸሪት ኮሚቴ 10
ዓንቀጽ 3፡ ኣተሓሕዛ ሰነድ ተቖጻጸርቲ፡ 11

ምዕራፍ 14፡ ምምዳብ ዓመታዊ ባጀት 11
ዓንቀጽ 1፡ ዓመታዊ ባጀት። 11
ዓንቀጽ 2፡- ኣተሓሕዛን ኣወዳድባን ገንዘብ 11

**ምዕራፍ 15፡- ኮሚቴታት ማሕበረኮም** 11

ምዕራፍ 16፡- መዝን ሓላፍነትን ኮሚቴታት 11

ምዕራፍ 17፡- ዘይቀጻልነት ማሕበረኮም 13
ዓንቀጽ 1፡- ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምቲ 13
ዓንቀጽ 2፡- ማሕበረኮም ንክዕጾ ኣብ ዝውሰን፡ 13

ምዕራፍ 18፡ ምምሕያሽ ዓንዲ ሕጊ፡ 13
<<<<<<<<<<<<<0>>>>>>>>>>>>
ኣጋባብ ባይቶ 13
ነቐፌታን ር.ነቐፌታን 15
ኣጋባብ ምርጫ 16
ወርሓዊ ክፍሊት 16

ዓንዲ ሕግን መደብ ዕዮን
ማሕበረኮም ኾሎራዶ

**ምዕራፍ 1፡- ኣባልነት**

## ዓንቀጽ 1 ፡- ቅጥዒ ምዝገባ ኣባል።

# ሕ ግ ን ዕ ላ ማ ን - ናይ ኤርትራ ኮማዊ ባህላዊ ሲቪኻዊ ማእከል

ዓሰርተ ሾመንተን ልዕሊኡን ዕድመ ዘለዎ፡ ንቅዋምን መምርሕን ዕላማን ማሕበር ክቕበልን ክተግብርን ድሉው ዝኾነ ኤርትራዊ፡ ኣባል ክኸውን ይኽእል።

## ምዕራፍ 2 ፦ ግቡእ ኣባል።

1፦ ብማሕበር ዝተመደበ ክፍሊታት ምኽፋል።
2፦ ኩሉ ኣባል ዝምልከት ኣኼባታት ምስታፍ።
3፦ ኣብ ንጥፈታት ማሕበር ብምሉእ ሕልና ምስታፍ።
4፦ ኣባል ኮሚቴ ወይ ኮሚቴታት ብምዃን ንዕብየት ማሕበር ምስራሕ።

## ምዕራፍ 3 ፦ መሰል ኣባል

**ዓንቀጽ 1፦** ኣባል፡ ኣብ ምዓራፍ 2 ተዘርዚሩ ዘሎ ግቡኣት ምስ ዘማልእ፡ ኣብቲ ዘለዎ ጸፍሒ ኣባልነት፡ ክመርጽን ክምረጽን ይኽእል፡፡

**ዓንቀጽ 2፦** ኩሉ ዕላውን ሕጋውን ሓበሬታ ማሕበር ክፈልጥ መሰሉ ኢዩ።

**ዓንቀጽ 3፦** ኣብቲ ዘለዎ ጸፍሒ ኣባላነት ዝግበር ኣኼባ ክሳተፍ መሰሉ ኢዩ።

**ዓንቀጽ 4፦** ሓድሽ ኣባል፡ ካብ ዓንቀጽ 1 ክሳብ ዓንቀጽ 3 ዘሎ መሰላት ተጠቃሚ ንክኸውን፡ ንሓደ ዓመት ኣባል ኣባል ኮይኑ፡ ጉቡኡ ዘማለአ ምስ ዝኸውን ኢዩ።

**ዓንቀጽ 6፦** ኣባል ናይ ካልእ ማሕበረኮም፡ ዓዲ ቀይሩ ኣባል ክኸውን ምስዝደሊ፡ እቲ ንሱ ዝነበሮ ማሕበር ካብ ናትና ብትሕዝቶን ዕላማን ዘይፍለ ምስ ዝኸውን፡ ብዘምጽኦ ወረቐት ምስክር ኣባልነት፡ ኣባልና ኮይኑ ናይቲ ዘለዎ ጽፍሒ መሰላት ተጠቃሚ ይኸውን።

**ዓንቀጽ 7፦** ሓድሽ ኣባል፡ ንኣባልነት ቦርድ መራጽን ተመራጽን ክኸውን፡ ንሓደ ዓመት ጉቡኡ ኣማሊኡ ዘገልገለ ኣባል ክኸውን ይግባእ።

## ምዕራፍ 4 ፦ ምስራዝ ኣባልነት

ሀ. ሓደ ኣባል፡ -

1. ናይ ኤርትራ ይኹን ናይ ኻልኦት ሃገራት ባህላውን ሃይማኖታውን ታሪኻውን ክብሪታት ምስ ዘናሹ፦
2. ነዚ ማሕበር ተጠቂሙ ናይ ውልቂ ይኩን ናይ ጉጂለ ድሌታት ከማልእ ምስ ዝፍትን ዝሰርሕን.
4. ንህዝቢ ብወገን፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት ክኸፋፍል ምስ ዝህቅን፦
5. ኣብ ሕሜታ ዝተሞርኾሰ ኣስማት ኣባላትን ዜጋታትን ምስ ዘጸልም፦
6. ሕግን ዕላማን ማሕበር ምስ ዝጥሕስ፡

ለ. ብቅድመ ተኸተል እዚ ዝስዕብ ስጉምቲ ይውሰድ።

1. ናይ ቃል መጠንቀቕታ ኣብ ቅድሚ ኣባላት ቦርድ ይውሃብ።
2. ብጽሑፍ መጠንቐቕታ ይውሃቦ ምስ ዘይማሓየሸ፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣባልነቱ ይድስከል።

3. ድሕሪ 6 ወርሒ ኩነታቱ ብቦርድ ይግምገም። እንተተኣሪሙ፡ ኩሉ'ቲ ቦኹሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዘይፈጸሞ ግዴታታት ኣማሊኡ፡ ኣባልነቱ የሐድስ። ብጽሑፍ ርእሱ ነቒፌትኡ ይቕበል።
4. ምስዘይእረም፡- ቦርድ፡ መርትዖታቱ ሰኒዱ፡ ኣባልነቱ ይሰርዞ።

ሐ. ጸማ ኣገልግሎት የሎን፡
ካብ ማሕበር ዝተሰጐ ኣባል፡ ንማሕበር ዝሃቦ ገንዘብ ይኹን ንብረት ወይ ጸማ ናይ ዝሃቦ ኣገልግሎት ክሓትት ኣይክእልን።

መ. ሓደ ኣባል፡ ኩሉ ንማሕበር ዘወፈዮ ገንዘብን ንብረትን ዳግማይ ክምለሰሉ ኣይፍቀድን። ናይ ዝኾነ ዘበርከቶ ኣገልግሎት ጸማ ክሓትት ኣይፍቀድን።

## ምዕራፍ 5 ፡- ዝሰነድ ነገራት ኣባል ኣብ ማሕበር፡

ሓደ ኣባል እቲ ብማሕበር ዝተዳለወ ናይ ኣባልነት ቅጥዒ መሊኡ ይምዝገብ። (ቅጥዒ መቐበሊ ኣባልነት ምድላው)

## ምዕራፍ 6፡ ኣባልነት ቦርድ

**ዓንቀጽ 1፡- ቅድመ ኩነት ንኣባልነት ቦርድ**

1. ኣባል ቦርድ ኮይኑ ዘገልግል፡ ኣብ ኣባል ዝተመዝገበ ክኸውን ይግባእ።
2. ኣብ ኾማዊ ማሕበር፡ ብንጥፈቱ ዝልለ፡ ኩሉ ጉብኡ ዘማለአ፡ ምሉእ ድምጺ ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።
3. ኣብ ኾማዊ ኣባልነት ካብ ዝተመዝገበሉ ጊዜ፡ ንሓደ ዓመት ብንጥፈት ዘገልገለ ክኸውን ይግባእ።
4. ከም ኣባል ቦርድ ኾይኑ ከገልግል ምሉእ ብቕዓትን ብኣባላት ዝተመስኸረሉ ክኸውን ኣለዎ፡

**ዓንቀጽ 2፡- ኣቃውማ ቦርድ**

1. ቁጽሪ ኣባላት ቦርድ፡ 7 ኣባላት ይህልዉዋ።
2. ኣገባብ ምርጫ ኣባላት ቦርድ፡ ብማሕበር ዝተዳለወ ቅጥዕን ኣገባብን ይፍጸም።

**ዓንቀጽ 3፡- ኣገባብ ዕዮ ቦርድ ሽማግለ።**

1. ኣቦወንበር ናይ ባርድ ኣባል ሃግራዊ ሽማግለ ከተማ ይኸውን።
2. ኣባላት ቦርድ፡ ብማሕበር ዝተወሰነ መዳባት ዝትግብሩ ኢዮም፡፡
2. ኣብ ዝካየድ ኣኼባታት፡ ክርክር ምስ ዝህሉ፡ ብድምጺ ናይ 2/3 ኣኼበኛታት ይውሰን።
3. ዝተመደበ ዕዮ ንምትግባር፡ ኣገባብ ትግባሬኡ ኣብ መምርሕን ሕግን ማሕበር ዘየሎ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ስሩዕ ኣኼባ ማሕበር ከም ዘዕባ ወሪዱ፡ ይዝተየሉ።
4. ሓደ ኣባል ቦርድ፡ ከም ሓላፍን መራሕን፡ ብዝተማእከለ እንተዘይኮይኑ፡ ውልቃዊ ብይን፡ ውልቃዊ ስጉምቲ ክወስድ ኣይክእልን።
5. ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣኼባታት ቦርድ፡ ክሳብ ኣኼባ ክጸንሕ ዘይክእል ህጹጽ ጉዳይ ምስ ዝርከብ፡ ምስ ፈጻሚት ኣካል ብምልዛብ፡ ስጉምቲ ክወስድ ይከኣል።

**ዓንቀጽ 4፡- ሓደ ኣባል ቦርድ ግቡኡ ምስ ዘይፍጽም።**

1. ካብ ሕግን ዕላማን ማሕበር ዝረሓቐ ተግባራት ምስ ዝፍጽም
2. ነቲ ዝተመዘዘ ሓላፍነት ብጽፈት ምስ ዘይትግብር ወይ ጨሪሹ ምስ ዘይትግብር። ብቕድመ ተኸተል፡-

ከምዚ ዝስዕብ ስጉምቲ ይውሰድ፡-

1. መጀመርያ፡ ምኽርን ለበዋን ይቐርቦ
2. ካልኣይ፡ ነቐፌታ/መጠንቀቕታ ይውሃቦ።
3. ሳልሳይ፡ ብጽሑፍ መጠንቐቕታ ይውሃቦ።
4. በዚ ምስ ዘይእረም፡ ካብ ቦርድ ይግለል፡፡

**ዓንቀጽ 5፡-** ተኸፊሉ ዝሰርሕ ዜጋ ኣባል ቦርድ ክኸውን ኣይክእልን።

## ምዕራፍ 7 ፡ ፈጻሚት ሽማግለ

**ዓንቀጽ 1፡ ቁጽሪ ፈጻሚት ሽማግለ**

ኣካየዲት ፈጻሚት ሽማግለ ቦርድ ኣርባዕተ ኮይኖም፡

1. ኣቦ መንበር
2. ምኽትል ኣቦ መንበር
3. ጽሓፊ
4. ትሓዝ ገንዘብ
   ምስ ትሓዝ ገንዘብ ዝተሓባበር ቦርድ ክመርጸሉ
5. ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ (ብጀካ ም/ኣቦ መንበር)፡ መራሒ  ኮሚቴ ክኸውን ኣይክእልን፡ ከም ተራ ኣባል ኮሚቴ ግን ክሰርሕ ይኽእል።
6. ኣባል ፈ/ሽ ክልተ ጊዜ ክምረጽ ይኽእል፡፡

**ዓንቀጽ 2፡- ተሓታትነት ፈጻሚ ኣካል፡**

1. ፈጻሚ ሽ. ተሓታትነቱ ንቦርድ ኢዩ።
2. ቦርድ ታሓታትነቱ ንማሕበረኮም ኢዩ።

**ዓንቀጽ 3፡- ምትካእ ዝጎደለ ኣባል ቦርድ፡**

1. ብሞት ወይ ብድልየት
2. ናይ ኣካል ወይ ናይ ኣእምሮ ጉድለት ምስ ዘጋጥሞ
3. ሕግን ዕላማን ማሕበር ምስ ዝጥሕስ
5. ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት፡ ኣካታቲሉ ን3 ወርሒ ኣብ ምዱብ ኣኼባ ምስ ዘይርከብ።
6. ብሃንደበት ካብ ቦርድ ምስ ዝእለ፡ ባርድ ሓደሽቲ ኣባል ትመርጽ።

## ምዕራፋ 8 ፡- ኣጋባብ ምርጫ ፈጻሚት/ቦርድ።

**ዓንቀጽ 1፡- ገደብ ጊዜ ምርጫ፡**

1. ምርጫ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክካየድ ይግባእ
2. ሑጹያት ኣባላት ብቦርድ ኣብ ወርሒ ሕዳር ይምዘዙ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ምርጫ ተካይዱ ንኣገልግሎት ድሉዋት ይኾኑ፡፡
3. ምርጫ ብስቱር ባሎት ይኸውን

**ዓንቀጽ 2፡- ምስናድ ምርጫ ኣባልነት ቦርድ**

1. ውጽኢት ምርጫ ቦርድ፡ ከከም ዝተረኸቦ ድምጺ ቁጽሪ ይምዝገብ።
2. ንውጽኢት ምርጫ ቦርድ፡ ኩሎም ኣባላት ቦርድ ይፍርሙሉ
3. ውጽኢቱ ብወግዒ ንኣባላት ማሕበረኮም ኣብ ወግዓዊ ኣኼባ ይሕበር

**ዓንቀጽ 3፡- ኣብ መሪሕነት ቦርድ ባዶሽ ምስ ዝርከብ።**

1. ብቦርድ ዝተመርጸ ኣባል ይትካእ፡፡
2. ሓደ ኣባል ንክመርጽ፡ ኣብ ጉባኤ ብኣካል ክርከብ ይግባእ። ንክምረጽ፡ ፍቓደኛ ምዃኑ ምስ ዝሕብር፡ ቦርድ ክመርጾ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 4፡- ምትካእ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ፡፡**

ኣባል ፈጻሚ ሽምግለ ምስ ዝጎድል፡ ካብ ኣባላት ብምርጫ ቦርድ ይትካእ።

## ምዕራፍ 9 ፡ ኣኼባታት ሽማግለ ቦርድ

**ዓንቀጽ 1፡-**

1. ማሕበረኮም ቦርድ፡ ኣብ ወወርሒ ይእከብ፡
2. ህጹጽ ኣኼባ ብኣቦ መንበር ወይ ብጠለብ ናይ 2/3 ኣባላት ቦርድ ክካየድ ይኽእል፡፡
3. ምልኣተ ጉባኤ ብህላወ ናይ 4+1 ቁጽሪ ኣባላት ይኸውን።
4. ምልኣተ ጉባኤ ዝተማለኤ ምስ ዘይከውን፡ ኣኼባ ይካየድ ውሳኔ ግን ኣየሕልፍን።
5. ቦርድ ውሳኔ ንክሕልፍ ድምጺ ናይ 50%+1 ተጋባእቲ የድሊ።
6. ኣብ ህጹጽ ኣኼባ፡ ኣጀንዳ ኣቐዲሙ ክልኣኽ ይግባእ።
7. ጸብጻብ ማሕበረኮም ብዋና ጽሓፍን ኣቦ መንበርን ክፍረም ይግባእ።

## ምዕራፍ 10 ፡ ስራሕን ሓላፍነትን ሽማግለ ቦርድ

**ዓንቀጽ 1፡-**

1. ኣባል ቦርድ፡ ብግብርን ክልስሓ ሳባውን ኣብነት ክኸውን ይግባእ
2. ዘድሊ ኣገልግሎት፡ ብኩሉ ዓቕሙ ንማሕበረኮም የቕርብ
3. ንኣገልግሎትን መኽፈሊ ዕዳን ዝኸውን ገንዘብ ንምውህላል፡ ንዕኡ ትውድብ ኮሚቴ ትቐውም
4. እቶት ማሕበረኮም ይቖጻጸር
5. ኣታዊታትን ወጻኢታትን ማሕበረኮም፡ ብሕጋዊ ሰነዳትን ቅብሊትን የሰኒ፡፡
6. ዓመታዊ ባጀት ይስልዕን ንዝምልከተን፡ ዝሓተታ ኮሚቴታት የፍቅድን።
7. ንብረት ማሕበረኮም ይገዝእ፡ ይሸይጥ፡ ብስም ማሕበረኮም ልቓሓት ካብ ባንካ ይፍርም።
8. ኣብ ማሕበረኮም ዘገልግላ ኮሚቴታት ይሰርዕን ይስርዝን።
9. ንኣባላት ቦርድ ኣብ ኮሚቴታት ይምድብን ካብ ሓላፍነት የውርድን።
10. ማሕበረኮም ቦርድ፡ ሕጊ ማሕበረኮምን ሕጊ መንግስቲ ኾሎራዶን ዘፍቅዶ ተወሳኺ ስራሓት ክሰርሕ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 2 ፡- ሓላፍነት ምክትል ኣቦ መንበር።**

1. ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ኣኼባ ይመርሕን ንሓላፍነት ኣቦ መንበር ይትክእን።
2. ከም ኣባል ቦርድ፡ ኣብ ዝኾነ ኮሚቴ ቦርድ ኣትዩ ይሰርሕን ይተሓባበርን።
3. ምስ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ቦርድ ምሉእ ምትሕብባር ይገብር።

## ምዕራፍ 11 ፡- መዋእል ኣገልግሎት ሽማግለ ቦርድ

**ዓንቀጽ 1፡-**

1. ኣባላት ቦርድ ንክልተ ዓመት የገልግሉ

2. ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ዓመት ብቑዓት ኣማራጺት ሽማግለ ንሓደስቲ ሕጹያት ኣባላት የዳሉ፡
3. ሓደ ኣባል ቦርድ ንሳልሳይ ጊዜ ንክምረጽ ንክልተ ዓመት ካብ ኣባልነት ቦርድ ከዕርፍ ይግባእ።
4. ኣባላት ቦርድ፡ ኣገልግሎቶም ወዲኦም ካብ መዝነቶም ኣብ ዝወርዱሉ፡ ኩሉ ምስኦም ዝርከብ ሰነዳትን ንብረትን ማሕበረኮም፡ ኣብ ንዕኡ ዝተዳለወ መረኻኸቢ ቕጥዒ ወረቐት መዝጊቦም፡ ፈሪሞምን ንተቐባሊ ኣፈሪሞምን የረክቡ።
5. ኣብ ምርኽኻብ ሰነዳት፡ ከም ምስክር፡ ኣምራጺት ሽማግለ’ውን ትፍርም።
6. ኣብ መስርሕ ምስግጋር ሓላፍነት፡ እቶም ዝነበሩ ቦርድ ስርሖም ይቕጽሉ።

# ምዕራፍ 12 ፡ ሓላፍነት ፈጻሚት ሽማግለ

### ዓንቀጽ 1፡- ሓላፍነት ኣቦ መንበር

1. ኣኼባ ቦርድን ማሕበረኮምን ይመርሕ
2. ዓንዲ ሕጊ ማሕበር ኣብ ምትግባሩ ይከታተል
3. ስራሓት ኮሚቴታት ይቆጻጸር
4. መፍትሕ ማሕበረኮም ምስ መን ከምዘሎ ይከታተል፡፡ ዝሓሸ ኣጠቓቕማ ብምጽናዕ፡ ናብ ቦርድ ሓሳብ የቕርብ።
5. ስሩዕ ኣኼባታት ማሕበር ኣብ እዋኑ ናይ ምክያድ ሓላፍነት ይስከም።
6. ማሕበረኮም፡ ኩሉ ሃገራውን ህዝባውን ኣገልግሎት ንክህብ ጥብቒ ምክትታል ይገብር
7. ንብረትን ገንዘብን ማሕበረኮም ኣብ ግቡእ ምዓላ የገልግሉ ምህላዎም ብትኩርነት ይከታተል።

### ዓንቀጽ 2፡- ሓላፍነት ዋና ጽሓፊ።

1. ሰነዳትን፡ ኣታውን ወጻእን ደብዳቤታት ይዕቅብ
2. ጾብጻብ ኣኼባታት ማሕበር ይጽሕፍ፡ የቕርብ፡ ይስንድ።
3. ማሕተም ማሕበር ይሕዝ።
4. ኩሉ፡ መደብን ንጥፈታትን ማሕበር ይምዝግብ።
5. ሰነዳት ማሕበር ንኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ንመወከስን ምክትታልን ክፉት ይገብር።

### ዓንቀጽ 3፡- ሓላፍነት ትሓዝ ገንዘብ

1. ቅብሊት ብምቕራጽ፡ ኩሉ ኣታዊ ገንዘብ ናይ ማሕበር ምቕባል ሓላፍነቱ ኢዩ።
2. ማሕበር ዘውጽኦ ገንዘብ፡ ብቅብሊት ኣሰንዮ ይኸፍልን ይምዝግብን።
3. ዝተኣከበ ገንዘብ ማሕበር፡ ኣብ ውሽጢ 10 ምዓልቲ ኣብ ባንካ ይኣቱ።
4. ንምኽፋል መብጽዓ ናይ ዝገበሩ ሰባት፡ ኣብ መዝገብ ብምስፋር፡ በብግዜኡ የዘኻኽር።
5. ኣብ ምቕጽጻር፡ ምስ ተቛጻጸርቲ ምሉእ ምትሕብባር ብምግባር፡ ዝሓተትዎ ሰነድ ወይ ቅብሊት ክፉት ይገብር።
6. ትሓዝ ገንዘብ ምስ ዘይህሉ፡ ተሓባባሪ ተሓዝ ገንዘብን ኣቦ መንበርን፡ ስራሓት ንምቕጻል ሓላፍነት ይወስዱ፡ ንንጥፈታት ባንካን ገንዘብን ካልእን ዕድል ይህልዎም።
7. ተሓዝ ገንዘብን ተሓባባርን፡ ክልቲኦም ብሓደ ኣይፍርሙን።

# ምዕራፍ 13 ፡ ተቛጻጸርቲ ማሕበረኮም

### ዓንቀጽ 1፡- ማሕበረኮም ምሕደራ

1. ኤርትራዊ ኣመሪካዊ ማሕበረ-ኮም ኾሎራዶ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ይማሓደር።

# ምዕራፍ 13 ፡ ተቛጻጸርቲ ማሕበረኮም

### ዓንቀጽ 1፡- ኢቃውማ ተቋጻጸርቲ ማሕበር

1. ቀጻሪ ተቛጻጸርቲ ኣርባዕተ ይኸውን
2. ተቛጻጻሪት ሽማግለ፡ ኣቦ መንበርን ጵሓፍን ብቦርድ ትምረጽ።
4. ዕድመ ተቛጻጻሪት ሽማግለ ክልተ ዓመት ኢዩ።
5. ሓደ ተቛጻጻሪ ካብ ክልተ ጊዜ ንላዕሊ ክምረጽ ኣይክእልን።

**ዓንቀጽ 2 ፡ መዝን ሓላፍነትን ተቛጻጻሪት ኮሚቴ**

1. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ርብዓዊ ጉባኤ ማሕበር፡ ደቂቕ ዝርዝር ጸብጻብ ገንዘብ ተቕርብ።
2. ናይ ኩሉ ወጻእን ኣታውን ገንዘብ ማሕበረኮም፡ ብቅብሊት ዝተሰነየ ምዃኑ ተረጋግጽ።
3. ኣብ ባንካ ዝኣተወ ገንዘብ ማሕበር፡ ሃለዋቱ ንምርግጋጽ፡ ዕላዊ መርትዖ ናይ ባንካ ክረአ ኣለዎ።
4. ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ጸብጻብ ንብረትን ህንጻ ማሕበርን ተቕርብ፡፡
5. ኣብ መስርሕ ምጽብጻብ ገንዘብን ንብረትን ብዝገበረቶ ገምጋም፡ ምኽርን ለበዋን ከተቕርብ ትኽእል
6. ኣፍልጦ ገንዘብን ንብረትን ኣተሓሕዝኡን፡ ብጀካ ኣብ ወግዓዊ ኣኼባ ማሕበርን ንኣባላት ቦርድን፡ ኣባላት ተቛጻጸርቲ ሽማግለ፡ ብውልቂ ይኹን ብእኩብ፡ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ወይ ንዝኾነ ኣካልን ሰብን ሓበሬታ ምሃብ ኣይፍቀድን።
7. ንኩሉ መቛጻጸሪ ቅብሊታት ቅድሚ ምሕታሙን ድሕሪ ምሕታሙን ተቛጻጺራ ትምዝግብ።

**ዓንቀጽ 3፡ ኣተሓሕዛ ሰነድ ተቛጻጸርቲ፡**

1. ኩሉ ተቛጻጻሪት ሽማግለ ዝተጠቐመትሉ ሰነዳትን መዛግብትን፡ ስራሓ ኣብ ዝወድኣትሉ፡ ንማሕበር ተረክብ። ከምዘረከበቶ ዝምስክር፡ ተቐባሊ ዝፈረመሉ ወረቐት ትሕዝ።
2. ሰነዳት ተቛጻጸርቲ፡ ቦርድ ዘፍቀዶ እንተዘይኮይኑ ዝኾነ ሰብ ወይ ትካል ክጥቀመሉ ኣይክእልን።

## ምዕራፍ 14 ፡ ምምዳብ ዓመታዊ ባጀት

**ዓንቀጽ 1 ፡ ዓመታዊ ባጀት።**

1. ዓመታዊ ባጀት ማሕበረኮም፡ ብቦርድ ሽማግለ ተኣሚሙ፡ ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ማሕበር፡ ብድምጺ ይጸድቕ፡፡
2. ባጀት ማሕበር ምስ ኣታዊታት ማሕበር ክቃዶ ይግባእ

**ዓንቀጽ 2፡-** ንፉሉይ ዕላማ ዝተወፈየ ገንዘብ፡ ኣብ ምዓላኡ ክውዕል ይግባእ። ናብ ካልእ ክውዕል እንተኾይኑ፡ ብቦርድ ይጸድቕ።

## ምዕራፍ 15 ፡- ኮሚቴታት ማሕበረኮም

1. ድለባ ገንዘብ ሽ.
2. ክንክንን ጽገናን ህንጻ ሽ.
3. ሃገራዊ ብዓላት
4. ሽማግለ ምሕደራ (Coordinator)
5. ሽማግለ ክበብ ማሕበረኮም (መግብን መስተን)
6. ቍጽጽር ንብረት፡-Inventory

## ምዕራፍ 16፡- መዝን ሓላፍነትን ኮሚቴታት

ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን፡-

# ሕ ግ ን ዕ ላ ማ ን - ናይ ኤርትራ ኮማዊ ባህላዊ ሲቪኻዊ ማእከል

ኣብ ሰለስተ ዝተኸፍለ መደብ ስርዓት ትምህርቲ

1. ንሽማግለታት፡ ካብ ጽምዋ ዘጋላግል፡ እዋናዊ ሓቤሬታ ሃገርን መዛናግዕን መደባት ብምስራዕ፡ መንፈሶም ዝሕደሱሉ ዝተፋላለየ ንጥፈታት ምክያድ።
2. ንመንእሰያት፡-

ባህሊ፡ ታሪኽ፡ ቛንቛታትን ሓገዝ ድሕሪ ትምህርትን ምውዳብ። (after school activities and general orientation for higher education)

3. ንሕጻናት፡

መደብ ሕድሪ፡ ትሕቲ 18 ዝዕድመኦም ናብ ባህልን ቋንቋን ዘድሃበ ስሩዕ ትምህርቲ።

ኤርትራዊ፡ ጥበብን ሞያን ደሊቡ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋዳዳሪ ዝኾነሉ ባይታ ምፍጣር። (Skill Development)

4. ሕብረተሰብና ብሓፈሻ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ሃገራዊ ባህልን ያታን ኣድሂቦም፡ ስሩዕ ትምህርት ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ከምዝዋስኡ ብምግባር፡ ከም ሓደ ክፋል ስነጥበብ፡ ማእከል ስሕበት መንእሰያትና ከምዝኸውን ምግባር።

ምሕደራን ስርርዕ መደብን Program Coordination

1. ምስ ኩለን ኮሚቴታትን ማሕበራትን ዝምልከቶም ኣካላትን ብምትሕብባር። ኣብዚ ኣዳራሽ ዝካየድ ኩሉ ንጥፈታት፡ ዓውደኣዋርሕ፡ ወጺኡሉ፡ ክስራዕን ቅድመ/ተኸተል ክወጸሉን።
2. ኩለን ኣብ ማሕበረኮም ዝነጥፋ ማሕበራትን ኮሚቴታትን ንዝገብረኦ መደባት ብምውህሃድ፡ ተዳራራብን ኣብ ነንሕድሕዱ ከይጋራጫን፡ ንኩሉ ብምስራዕ ውህደት ዝፈጥር ኣካል።

ክንክን ህንጻ፡-

Maintenance, Cleaning & Strategic Planing of the building

1. ህንጻ ማሕበረኮም፡ ብዝግባእ ብምክትታል፡ ንዝተባላሸወ ብምድህሳስን ናብ ቦርድ ብምቕራብን፡ ዘድሊ ክንክን ናይ ጽርየትን ናይ ምጽጋንን ምክያድ።
2. ኩሉ እንትንኡ ህንጻ። ውሽጡ ደገኡን። ናይ ቀረባን ርሑቑን መደብ ብምጽናዕ ከዓብየሉን ከምዕብለሉን ዝኽእል ባይታ ምጥጣሕ።

ገንዘብ ድለባ

1. ትካልና፡ ዕድኡ ከፊሉ፡ ዘድሊ ጽገናን ምትዕርራይን ንምግባር፡ ኩሉ ዘድሊ መጽናዕቲ እናገበረ ገንዘብ ዝርከበሉን ዝድለበሉን መጽናዕቲ ምክያድን ምስራዕን።
2. ወርሓዊ ከፍሊት፡ መደብ ድለባ ምስራዕ፡ ናብ ደገ ዝኣንፈተ ዕዳጋ ምድህሳስ
3. ሞያዊ ዓቕሚ ብምትእትታው፡ ካብ ትካላት ገንዘባዊ ሓገዝ ምርካብ፡፡ ብዕቱብ እንተድኣ ተሰሪሑሉ፡ ንከማና ዝኣምሰላ ትካላት ዝውሃብ ዝተሰለዐ ባጀት ዘለወን ኩባንያታት ስለዘለዋ፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ሓያል ጻዕሪ ምግባር። Grants from Donors Institutions/Companies
4. ምስ ተሓዝ ገንዘብ ብምትሕብባር፡ (ቃልዕ ከይወጽእ ብምጥንቃቕ) ንቀጻሊ ዕዮ መወከሲ ንከገልግል፡ ዝርዝር ኣስማት ናይ ዝሓገዙ ብቅጥዒ ይሰርሕን ይሕዝን፡፡

ቍጽጽር ንብረት፡-Inventory

1. ንብረት ማሕበር፡ ሃለዋቱን ኩነታትን ብምምዝጋብ፡ ዝኣቱን ዝወጽእን እናመዝገብካ፡ ንብረት ትካል ምቍጽጻር።
2. ዝተገዝአን ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾነ ንብረት ብምምዝጋብ ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ጸብጻብ የቕርብ
3. ቀዋሚ መዝገብ ብምሓዝ፡ ጥብቂ ምክታታል ምግባር።

ምግብና፡- Food Service

1. ኣብ ECCCC ንዝካየድ ድራራትን ናይ ምግብና ኣገልግሎትን ብምውዳብ፡ ገንዘባዊ ማዕከን ከምዝስስን ምግባር።
2. ኣብ ጽርየትን ሓለዋ ጥዕና ጽኑዕ ምክትታል ብምግባር፡ ጽፈቱ ዝተሓለወ ምግባር

ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሓበሬታን፡-

Community Affairs and Public Service

ኩሉ ንሕብረተሰብና ዘድሊ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ምዝርጋሕ። ብዛዕባ ስራሕ ምርካብ፡ ማህደረ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ሕክምና፡ ኢሚግራሽን፡ ወዘተ።

ስነዳ፡- Archive

ኩሉ ብማሕበርን ብኣባላትን ዝፈሪ ጽሑፋትን ስእሊታትን ድምጺታትን ብዝግባእ ተሰኒዱ፡ ናብ መጻኢ ወለዶ ዝሓልፍ ታሪኽ ንምምዝጋብ፡ ጽፉፍን ምዕቡልን መኸዘን ምትካል።

ዜናን ጎስጓስን

1. ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሓን ብምጥቃም፡ ስራሓትን መደባትን ምሕበር ምቅላሕ
2. ፍጻሜታት ማሕበረኮም ብመልክዕ ሪፖርታጅ፡ ኣብ መርበባ፡ መጽሓተታን ካልእን ከምዝፍለጥ ምግባር

## ምዕራፍ 17 ፡- ማሕበረኮም ክቕጽል ምስ ዘይክእል።

**ዓንቀጽ ሓደ፡-** ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምትን ኣገባቡን

1. ንጉዕዞን ዕላማን ማሕበረኮም ዝዓግት ጸገም ኣብ ዝርከበሉ፡ ህጹጽ ጉባኤ ማሕበር፡ ብቦርድ ይጽዋዕ።
2. ኩሉ ፈተነ ተጌሩ፡ መፍትሒ ምስ ዘይርከብ፡ ሕጊ መንግስቲ ኾሎራዶ ብዘፍቅዶ ኣገባብ፡ ብድምጺ ጉባኤኛታት ንምዕጻዉ ይውሰን።
3. ናይ ምዕጻው ውሳኔ፡ ድምጺ ናይ ¾ ናይ ንጡፋት ናይ ኣባላት የድሊ።

**ዓንቀጽ 2፡-** ማሕበረኮም ንክዕጾ ኣብ ዝውሰን፡

1. ንሓንቲ ናይ ኤርትራን ሕ.መ.ኣ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዋ፡ ኤርትራዊት ግብረሰናይ ማሕበር ይውሃብ፡ ኩሉ ዝተዋህበ ንብረትን ገንዘብን ጥሪትን ተመዝጊቡ፡ ኣባላት ቦርድ ዝፈረሙሉ ምስከር ሰነድ ንመንግስቲ ኤርትራ ይውሃብ።
2. ኩሉ ተንቃሳቃስን ዘይተንቃሳቓሲ ንብረትን ገንዘብን፡ ከምቲ ዓንዲ ሕጊ ዝእዝዞ፡ ንዝምልከቶም ኣካላት ወይ ትካላት ይውሃብ።

## ምዕራፍ 18 ፡ ምምሕያሽ ዓንዲ ሕጊ፡

1. እዚ ሕጊ’ዚ ኣብ ጉባኤ ክመሓየሽ ይከኣል
2. ኣድላዪ ኣንተኮይኑ፡ ብድምጺ 50%+1 ኣባላት ቦርድ፡ ናብ ዝቕጽል ርብዓዊ ጉባኤ ከም እማመ ቀሪቡ፡ ዘድሊ ምምሕያሽ ይግበረሉ።
3. ለውጢ ንምግባር፡ 50%+1 ብንጡፋት ኣባላት ከድምጽሉ ይግባእ።
4. እዚ ንምትግባር፡ እቲ ጉባኤ፡ ብዉሑድ 15 ምዓልቲ ኣቐዲሙ ጸዋዒት ክግበርን ኩሎም ኣባላት ብዛዕባ’ቲ ጉባኤ ከምዝተሓበሩ ብጭብጢ ክረጋገጽን ይግባእ።

ኣጋባብ ባይቶ

መእተዊ

ነፍስ ወከፍ ስሩዕ ኣኼባታት እተካይድ ማሕበርኾም ኾሚቴ እርኑብን ስነስርዓት ዝሓዘ ኣመራርሓን ኣገባብ ባይቶ ክህልዋ የድሊ፡፡ ኣኼባታት ብግቡእ ምክያድን ብግዜ ክውዳእን ኣሳልጦን ፍረ ዝመልኦን ክከውን ምእንቲ፡ ሓደ ናይ ኩሎም ኣባላት ናይ ሓባር መረዳእታ ኣገባብ ባይቶ ክህልዎምን ብእኡ እና ተመርሑ መሰሎም ተሓልዩ ሓሳባቶም እናገለጹ ክረዳድኡን ክውሱኑን ነቲ ማሕበር ዘወንጭፎ ውሳኔታት ግብራዊ ስጉምትታትን ክውሰዱ ይኽእሉ፡፡ ኣገባብ ዘይሓዘ ባይቶ ዘይምርድዳእን ጊዜ ብኸንቱ ምጥፋእን የስዕብ፡ ቕኑዕ ውሳኔን መረዳእታን ንኽይወሰድ ይዕንቅጽ፡ ነቲ ኾሚቴ ኽኣ ሓድነቱ የላሕልሕ ዘየድሊ ምትህልላኽን ምዝሕታልን ክኽተል ኻኣ የኽእል፡፡

እዚ ምእንቲ ከይከውን ዕማማት ኾሚቴ ንቕድሚት ክስጉም ቅኑዕ ኣገባብ ባይቶ ብጉቡእ ተረዲእና ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ይግባእ፡፡ ከም ሓደ ኣባላት ኣብ እንንቀሳቐሰሉ ኩሉ ኣኼባታት ነዚ ዝስዕብ ኣገባባት ከከም ትሕዝቱኡ ክንጥቐም ይግባእ፡፡

1. ዛዕባ ናይ ኣኼባታት፡

ሓለፍቲ፡ ዛዕባ ናይ ነፍስወከፍ ኣኼባ ኣቐዲሞም ሰሪዖም ክቐርቡ ኣለዎም፡፡ ብዘይካ’ዚ ኣብ ጊዜ ኣኼባ ተወሳኺ ዛዕባታት ካብ ተሳተፍቲ ክቐርብ ይሕተት፡፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ድማ ተወሳኺ ዛዕባ ይኣቱ፡፡

2. ኣብ ጊዜ ኣኼባ ክንክተሎ ዝግባእ ኣገባብ ባይቶ

1. ነብሲ ወከፍ ኣባል (ኣኼበኛ) ማዕረ ዝኾነ ናይ ሓሳብ ምግላጽን ርእይቶ ምቕራብን መሰል ይህልዎም። እንተኾነ ግን ብስም መሰል ድላይካ ወይ ካብ ቀይዲ እናወጽኣካ ምዝራብ ካብ ኣገባብ ወጻኢ እዩ፡፡

2. ኣባል ንባይቶ ርእይቶ ክቕርብ ምስዝደሊ ኢዱ ሓፍ ብምባል ፍቓድ ኣቦ መንበር ይሓትት፡፡ ኣቦ መንበር ናብ ኩሉ ሸነኻት ብምጥማት ኢዶም ዘልዓሉ ብጾት እናራኣየ በብሓደ ናይ ሓሳብ ምግላጽ ዕድል ይህብ፡፡ ኣቦ መንበር ኩሉ ጊዜ ነቶም ዝተዛረቡ ካልኣይ ዕድል ቅድሚ ምሃቡ ነቶም ዘይተዛረቡ ቀዳምነት ክህብ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

3. ሓደ ኣባል ካብ ኣቦ-መንበር ፍቓድ ረኺቡ ነቲ ግቡእ ኣገባብ ተኸቲሉ ኣብ ዝዛረበሉ እዋን ባይቶ ጽን ኢሉ ክሰምዕ ይግባእ፡፡ ነቲ ግቡእ ኣገባብ ምስ ዝጥሕስ ግን ንኣብነት ዘይዛመድ ነጥብታት ምስ ዝዛረብ፡ "ሕቶ" ኢሉ ርእይቶ ምስ ዝህብ "ሓበሬታ" ኢሉ ርእይቶ ምስ ዝህብ ዝይእሩም ቓላት ምስዝጥቐም፡ ንኣንጻርነት ንህልኽ ተላዒሉ ምስዝዛረብ፡ ብቐዳምነት ኣቦ-መንበር ደው ከብሎ ይግባእ፡፡ ናይ ኣቦ-መንበር ትእዛዝ ምስ ዘይሰምዕ ወይ ከኣ ኣቦ መንበር'ውን ከየመልከተሉ ምስዝተርፍ፡ ኣባላት ባይቶ "ነጥቢ ስርዓት ወይ ኣገባብ" ብምባል ደው ንኽብሉዎ ከመልክቱ ሓላግነትን መሰልን ኣለዎም፡፡

4. ባይቶ ብዛዕባ ሓደ ነጥቢ እናተዝረበ ከሎ ካብቲ ቀንዲ ነጥቢ ወጻኢ ዝርርባት ምስዝኸይድ ብቐዳምነት ኣቦ-መንበር ቐጺሉም ካኣ ኣባላት ክኣልዩዎ፡ ናብቲ መስመር ክመልስዎን ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

5. ባይቶ ብዛዕባ ሓደ ሓሳብ ወይ ሕቶ ኣብ ዝዝተየሉ እዋን፡ ነቲ ሓሳብ ምትንታንን ምግላጽን ነቲ ሳዕቤን ምዝርዛርን ምብራህን ግቡእ እዩ፡፡ እንተ ኾነ ግን ንዝቐረበ ጉዳይ ገዲፍካ ነቲ ርእይቶ ዘቕረበ ብጻይ ምጽራር፡ ብዘረባ ንምሕሳይ ምፍታንን ፈጺሙ ኩልኩል ኣብ ርእሲ ምኹዋኑ ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝፍጽም ዝኾነ ኣባል ንኽዛረብ ዘለዎ መሰል ክንፈግ ይከኣል፡፡

6. ኣብ ዝኾነ እዋን ንምሕጽንታ ጥሒሱ ዘረቡኡ ዝቐጽል ብጻይ፡ ባይቶ ባዕሉ (ኣባላት) ጠጠው ከብሎ ኣለዎ፡፡

ኣኼባ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ዲስፕሊን ባይቶ ምእንቲ ክሕሉ ቀደም ተኸተል ናይ'ዘን ዝስዕባ ነጥብታት ይኸበር፡

1. ነጥቢ ስርዓት

ኣብ ዝኾነ እዋን ባይቶ እናዘተየ ኩሉ ናይ ኣገባብ ኮነ ናይ ስነ ስርዓት ጉድለት ወይ ዝኾነ ጌጋ ክፍጸም ከሎ ዘስተውዓለ ብጻይ፡ ነቲ ጉድለት ወይ ጌጋ ብቕጽበት ንኽእረም "ነጥቢ ስርዓት" ብምባል ንኣቦ-መንበር የመልክት፡፡ "ነጥቢ ስርዓት" ኢልካ ኣገባብ ከመይ ኢሉ ከምዝተጣሕሰ ምግላጽ ድኣ'ምበር ርእይቶኻ ምቕራብ ግቡእ ኣይኮነን፡፡

2. ሓበሬታ ወይ መብርሂ

ዝኾነ ኣባል ብዛዕባ'ቲ ኣብ ክትዕ ዘሎ ነጥቢ ሓድሽ ሓበሬታ ወይ ምብርሂ ምስ ዝህልዎ ደድሕሪ ነጥቢ ስነ ስርዓት ቀዳምነት ይወሃቦ፡፡ ሓበሬታ ኢልካ ካልእ ሓሳባት ወይ ርእይቶ ምሃብ ግን ኣይከኣልን፡፡

3. ሕቶ

ዝኾነ ኣባል ንዘይተረደኦ ወይ ዘይበርሃሉ ነገር ክሓትትን ብቕጽበት መልሲ ክረክብ መሰል ኣለዎ፡፡ እቲ ሕቶ ደድሕር'ቲ ሓሳባት ዝህብ ዘሎ ምስ ወድኤ ይቐርብ፡፡ ሕቶ ኢልካ ተላዒልካ ግን ክትሓትት ጥራሕ እምበር ርእይቶ፡ ሓበሬታ ወዘተ....ኣይፍቀድን እዩ፡፡ እቲ ሕቶ ምስ'ቲ ዝዝረብ ዘሎ ዘዛመድ ክኸውን ኣለዎ፡፡

**4. ሓሳብ**

ዝኾነ ኣባል ኣገባብ ተኸቲሉ ካብ መስመር ከይወጸ ንባይቶ ሓሳብ ከቕርብ ይኽእል፡፡ ኣብነት ናይ ግዜ ኣኼባ ምዕጻው ንምምልካት፡፡

**5. እማመ**

ሀ. ሓደ እማመ ብዛዕባ ኣብ ክትዕ ዘሎ ነጥቢ ንምድምዳም ዝቐርቡ ጭብጢ ሓሳብ እዩ፡፡ ኣገባብ ብተርታ ብኸምዚ ዝስዕብ ይቐርብ፡-

1. ሓደ ኣባል ናብ ኣቦ-መንበር ኣመልኪቱ እማመ የቕርብ
2. ኣቦ-መንበር ነቲ እማመ ናብ ባይቶ የቕርብ
3. እማመ ናይ ግድን ብኻልእ ኣባል ክድገፍ ኣለዎ፡ እንተዘይተደገፈ ኣብኡ ከሎ ይቕህም

ለ. ምምሕያሽ እማመ

1. ዝቐርብ ምምሕያሽ እማመ ምስቲ ትሕዝቶ ናይቲ ዘሎ እማመ ዝኸይድ ክኸውን ኣለዎ

**2.** ኣቕራቢ ናይ'ታ እማመ ነቲ ብብጾት ዝቀርብ ለውጢ ኮነ ምምሕያሽ ክቕበል ወይ ክነጽግ፡ ነቲ እማመ ንክስሕብ ተሓቲቱ ክሳሓብ ምሉእ መሰል ኣለዎ፡፡ ንኽስሕብ ኣብ ዝኣበየሉ እታ እማመ ንኽትዕ ወሪዳ ምስእትንጸግ ትወድቕ፡፡ ከም እንደገና ዝኾነ ኣባል ኣማሓይሹ ከም እማመ ከቕርብ ይኽእል ማለት እዩ፡፡ ሓደ እማመ ኣብ ውሳኔ ከይበጽሓ ካልእ ተሰሳኺ እማመ ክቐርብ ኣይከኣልን፡፡

ነቐፌታ ርእሰ ነቐፌታ

ዕላማ ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን፡ ቅድሚ ናብ ኣተገባብራን ነቐፌታ ርእሰ ነቐፌታን ምእታውና ዕላሙኡ ምብራህ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን መምሃሪ፡ መህነጺ መማዕበሊ እምበር ንብጻይካ ትሃስየሉ ሕነ ትፈድየሉ ከምዘይኮነ ምርዳእ የድሊ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝተጋገየ ኣባል ልዑል ሓልዮትን ተገዳስነትን ምእላይን ምርኣይ ከድሉ እዩ፡፡ ናይ ዝተፈጸመ ጌጋ ባህርይ ድማ ብዕምቕትን ብጭብጥታት ምጽናዕን ዘድሊ ትምህርቲ ካብኡ ምቕሳምን እቲ ዝዓበየ ዕላማ እዩ፡፡

ኣተገባብራ

ኣብ እዋን ነቐፌታ ርእሰ ነቐፌታ ብቕዳምነት ዕድል ንርእሰ ነቐፌታ ይወሃብ፡፡ ስለዚ ጌጉኡ ባዕሉ ዝተረዶኦ ብጻይ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ነብሱ እታ ዝገበራ ጉድለት ብምግላጽ ይነቕፍ፡፡

ድሕሪ ር/ነቐፌታ፡ ንብጻዩ ዝነቕፍ ብጻይ ዕድል ይውሃብ፡፡ እዚ ዝስዕብ ዕድል ከኣ ይኸተል፡፡

**ሀ.** ነቐፌታ ነቲ ዝምልከቶ ብጻይ ትቐርብ

**ለ.** እታ ነቐፌታ ምስ ቀረበት ዘይበርሀ ነገር እንተሎ መብርሂ ይሕተት፡፡ ብወገን እቲ ተነቓፊ እውን ብዛዕባ እታ ነቐፌታ ከበርህ ዝግብኦ ሓበሬታ እንተሎ መብርሂ ክወሃብ ይከኣል፡፡ ብድሕሪ'ዚ ባይቶ ግቡእነትን ዘይግቡእነትን ናይታ ነቐፌታ ይዛረበላ፡፡ ኣብ ሓደ መደምደምታ የብጽሓ።

ሓ. ብድሕሪዚ ባይቶ ግብእቲ ነቐፌታ እንተዳኣ ኢሉ ደምዲሙዋ፡ ዝተነቐፈ ኣባል ርእይቶ ይህበላ፡፡ ነቐፌታ ዝቐረበሉ ኣባል ይቕበላ እየ እንተድኣ ኢሉ፡ ነቐፌታ ትድምደም፡፡ ኣይቅበላን እንተ ኢሉ፡ ምኽንያት ዘይመቐበሊኡ ንባይቶ ከረድእ ይሕተት፡፡ ባይቶ ነዚ ዝሃቦ ምኽንያታት ሰሚዑ እንደገና ርእይቶ ይህበሉ፡፡ እቲ ምኽንያት ቅቡል ኮይኑ ኣንተደኣ ረኺቡዎ እታ ነቐፌታ ነቲ ተነቃፊ ዳግማይ ርእይቶ ክህበላ ይሕተት፡፡ ከም እንደገና ኣይቅበላን ኣንተዳኣ ኢሉ፡ ኣብ መዝገብ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ከም ነጥቢ ትሰፍር

"ብጻይ ነቐፌታ (ትሕዝቶኣ ብምግላጽ) ቀሪባትሉ ባይቶ ግብእቲ ኢሉዋ። ንሱ ግን ኣይተቐበላን"።

ኣገባብ ምርጫታት

1. ምርጫታት ኣብ ዝግበረሉ እዋን ኩሉ ኣባል ክቐራረብን ኣብ ኣኼባ ኸሳተፍን ፍሉይ ጻዕሪ ምግባር የድሊ፡፡ ኣገዳስነቱ ድማ ንዝመጽእ እዋን ይንዋሕ ይሕጸር ኩሉ ኣባል ርእይቶታቱ ሂቡ ዘድምጸሎም መራሕቲ ንምጽዳቕ ስለዝኾነ ወሳኒ ተራ ይህልዎ፡፡

2. ቅድሚ ምርጫ ገምጋም ስራሕ (ማሕበር፡ ጨንፈር፡ ዋህዮ፡ሽማግለ) ይግበር ፡፡

3. ብድሕር'ዚ ኣምራጺት ሽማግለ ትቐውም፡፡ ኣባላት ኣምራጺት ሽማግለ ክመርጹን ክምረጹን መሰሎም ሕሉው እዩ፡፡

4. ድሕሪ ምቋም ኣምራጺት ሽማግለ ምስማይ ይካየድ፡፡ ንነፍስ ወከፍ ዝስመ ከኣ ደጋፊ እንተሎ ይሕተት፡፡ እንተዘይተደጊፉ ህጹይ ኮይኑ ክቐርብ ኣይኽእልን፡፡

5. ቀጺሉ ተቀባልነት (ፍቓደኝነት) ናይቶም ዝተሰምዩ ብጾት ይሕተት፡፡

**ሀ.** ፍቓደኛ ምስዝኸውን ናብ ርእይቶ ይሓልፍ፡፡

**ለ.** ፍቓደኛ ምስዘይከውን ምኽንያት ንባይቶ የፍስስ፡፡ ባይቶ ይዛረበሉ፡፡ ዘይቅቡል ምኽንያት እዩ ኢሉ እንተዳኣ ደምዲሙ እቲ ብጻይ እንደገና ክሓስበላ ይሕተት፡፡ ብዝካኣል ክቕበላ ርእይቶታት ይወሃብ፡፡ ድሕሪ ተደጋጋሚ ናይ ርእይቶ ምልውዋጥ፡ እቲ ብጻይ ባይቶ እናሰመዮ እንተድኣ ዘይተቐቢሉዎ ካብቶም ዝተሰምዩ ይስረዝ፡ ከም ነጥቢ ካኣ ባይቶ እናሰመዮ ንሓላፍነት ብዘይግቡእ ምኽንያት ከምዝኣበየ ይምዝገብ፡፡

**ሓ.** ብድሕር'ዚ ባይቶ ኣብ ነብሲ ወከፍ እቶም ዝተሰምዩ (ከም ሕጹያት ዝቐርቡ) ርእይቶ ይህብ፡፡ ዝዋሃብ ርእይቶታት ብፍላይ ኣብ'ቲ ስራሓቶም ዝነበረ ተመክሮ ከተኩር የድሊ፡፡ ነፍስ ወከፍ ስሙ-ይ መልሲ ናይ ምሃብ መሰል ኣለዎ፡፡

**መ.** ብድሕር'ዚ ቁጽሪ ናይ ዘድመጹን ዘየድመጹን ተጻርዩ ድምጺ ይግበር፡፡ ኣብ ሓደ ሓደ እዋን ኩሎም ኣባላት ብዘይካ ኣቦ መንበር ኣድሚጾም ማዕረ ማዕረ ቁጽርታት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ኣቦወንበር ድምጺ ጌሩ ይዓርቆም፡፡

ሰ. ምርጫታት ኩሉ ጊዜ በቲ ዝላዓለ ሓላፍነት እናመረጽካ ክካየድ ኣለዎ፡፡ ኣብነት ኣቦመንበር፡ ዋና ጸሓፊ፡ ተሓዝ ገንዘብ ወዘተ..፡፡

**ረ.** ምርጫ ተገይሩ ባይቶ ብቑዓት ሓለፍቲ ምስዘይረክብ ነቶም ዝነበሩ ሓለፍቲ ንዝተወሰነ ጊዜ ሓላፍነት ክቕጽሉዎ ክውሰን ይከኣል፡፡

ሓደ ኣባል ብኣጋጣሚ ኣብ'ቲ እዋን ምርጫ ኣብ ኣኼባ ምስዘይህሉ እንታይ ክግበር ይከኣል?

ኣካየድቲ ኣካል፡ ብዛዕባ ምብኳር ናይቲ ኣባል ኣቐዲሞም ዝፈልጡ እንተዳኣ ኮይኖም፡ ነቲ ኣባል ብዛዕባ'ቲ ንኣኼባ ተሓሲቡ ዘሎ ዛዕባ ማለት ምርጫ ዘለዎ ርእይቶ ይውከስዎ፡፡ ብፍላይ ከኣ ባይቶ ንሓላፍነት እንተሰምይዎ ይቕበሎ'ን ቃል ክህቦም ይሓትዎ፡፡ ንኣብነት እቲ ኣባል ብወገነይ ተቓውሞ የብለይን እንተድኣ ኢሉዎም እቶም ኣካየድቲ ነዚ ርእይቶ ናብ ባይቶ የቕርብ፡፡ እቲ ግቡእ ናይ ምስማይ መስርሕ ሓሊፉ ድማ ናብ ምርጫ ይኣቱ፡፡

**ወርሓዊ ክፍሊት፡ ውልቀ-ሰብ: $10.00 : ሰብ ሓዳር: $15.00**